*** ወርሒ ምስክራ! ***

ጓል ሳን ጆርጆ’ያ፣ ዕባይ መንደፈራ፣
ለይለይ ቁመት፣ ሰዊት ሓጋይ ነይራ፣
ጽሓይ ዘይጸገበት፣ ከም ሓድሽ ኣዝመራ፣
መን ነይሩ ብዘይካ ወርሒ ንምስክራ፡፡

ኣብ እዝነይ ቃንዩ እቲ ነጎድጓድ ሰሓቓ፣
መስመስ ፍሽኽታ ከም ጽሓይ ኣብ ምብራቓ፡፡
ውዒላ ተሕድር፣ ተረባረብ ምስ ኒሕ ስንቃ፣
ኣብ ሳሊና ነይራ ምስቲ ጅግና ዕጥቃ፡፡

ድሕሪት ተመሊሰ፣ ብናይ ሓሳብ ማዕበል፣
ታሪኽ ዘኪረ፣ ታሪኽ እቲ ጽኑዕ መትከል፣
ጽገረዳ ክትጎዩ ኣብ ስርሒት ፈንቅል፣
ኣብ ጨው ሳሊና ዓወት ንሓፋሽ ክትብል፡፡

ኣብኡ ውዒላ እወ እታ ሓራስ ነብሪ፣
ምእንቲ ሓፋሽ ህዝቢ፣ ንሃገር ክብሪ፣
ጽንዓት ኣመዝጊባ፣ ገዲፋ ሕድሪ፣
ክቡር ህይወት ሂባ ክቕጽል’ቲ ጻዕሪ፡፡

ወትሩ ይዝክራ ብንብዓት ዛዕዛዕታ፣
ብሕልፊ ኣብ ጽምዋ ኣብቲ ጸላም ከውታ፣
ወርሒ ምስ ወጸት ሓዚላ ከዋኹብታ፣
ሕድረይ ኣሐዲሰ ክቕጽል ስጉምታ፡፡

ኣብ ዕስራ ሰነ ዘኪረያ፣ ብግጥሚ ብዶግዓ፣
ናይ ሕልና ጸሎት፣ ብመብራህቲ ሽምዓ፣
ዝጸመወት ልቢ፣ ብኣዒንቲ ዝነብዓ፣
ብሕድሪ ትኹነኒ ሃገር ዳግማይ ከልምዓ፡፡

*** ዘለኣለማዊ ዘኽሪ ንስዉኣት ኤርትራ! ***